Sundsvalls kommun

Barn och utbildning

**ቅድመ-ምድላዋት ምዕጻዉ/ዕረፍቲ መዋእለ ሕጻናት**

ኣብ’ዚ ዕረፍቲ ፡ ኣዝዮም ብዙሓት ሕጻናት ኣብ መዋእለ ሕጻናት ንምስታፍ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ሕጻናት ኮነ ሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት ፡ ግቡእ ዕረፍቲ ምእንቲ ክረኽቡ ፡  ንህሉዉ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ምትሕብባር ወለዲ ከይፍለየና ንምሕጸን።

ንወለዲ ዝምልከት መዘኻኸሪ መምርሒታት ግዜ ዕረፍቲ

- ወላዲ ኣብ ዘዕርፈሉ ዉሉድ’ዉን ይዕርፉ (ዓመታዊ ወይ ምዱብ ዕረፍቲ)
- ካብ ወለዲ ሓደ ስራሕ ምስ ዘይህልዎ፡ ንኣብነት ብምኽንያት ናይ ወሊድ ዕረፍቲ፡ እሞ እቲ ካልኣይ ወላዲ ዓመታዊ ዕረፍቲ ምስ ዝወስድ ፡ ዉሉድ’ዉን ይዕርፍ።
- ዉጥን ዕረፍቲ ዉሉድኩም ፡ ንመዋእለ ሕጻናት ኣፍልጡ።
- ”ምናልባት” ኢልኩም ቦታ ኣይትሓዙ። ብዝሒ እተመዝገቡ ሕጻናት መሰረት ብምግባር ኢና ብዝሒ ንቖጽሮም ሰራሕተኛታት ንሰርዕ።
- ወላዲ ዓመታዊ ዕረፍቲ ብምቁራጽ ናብ ስራሕ ክምለስ ምስ ዝግደድ፡ ዉሉድ መዋእለ ሕጻናት ክሳተፉ መሰሎም እዩ። ከም’ዚ ዝኣመሰለ ለዉጥታት ብዝቐልጠፈ ንመዋእለ ሕጻናት ሓብሩ።
- መደብ ተሳትፎ ዉሉድኩም ኣብ ቬ/ክላስ (Vklass) ኣብ ዝርከብ ዓዉደ ኣዋርሕ መዝግቡ፡ ዝኾነ ለዉጢ ምስ ዝህሉ ቀልጢፍኩም ሓብሩ። ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝኣኽሉ ሰራሕተኛታት ምህላዉ፡ እዋን ዝጠልቦ ኣገዳሲ’ዩ።